# ኤርትራ ናይ ጽባሕ

ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ መኪቱ፥ ስዒሩ ፥ ዝረኸባ ናጽነት ናይ ሃገር ብዙሕ ከየስተማቐራ ናብ ውግእን ወረ-ውግእን እዩ ኣትዩ፡ዝፈትዎም ደቑ ድማ ከፊሉላ።

እቲ ኣብ ግዜ ነጻነት ዝነበረ ተመሊስና እንተጥሚትናዮ እቲ ህዝቢ ኣብ ዝለዓለ ናይ ታሕጓስ ደረጃ እዩ በጺሑ ነይሩ፥ እቲ ሰውራ ኤርትራ መሪሑ ዝመጸ ህ.ግንባር እውን ነቲ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ህ.ግንባር ዘቐመጦ ናይ ኣብዝሐ ሰልፍታትን፡ ቐዋዊት ኤርትራ ዝብል መትከል ጥሒሱ እናኸደ ኣብ ውሽጡን ዝድግፍዎ ዝነበሩ ኣካላትን፥ ምሁራትን ከይሓፈሩ ክጽበዩዎን ክከላኸሉሉን እዮም ዝረኣዩ ዝነበሩ።ነቶም ግሁድ ብርሰትን ንህዝቢ ኣብ ኩናት ዘእተወ ምስተዓዘቡ ምብርባራት ኣርእዮም ሓላፍነት ተሰኪሞም ዓገብ ዝበሉዎ፥ ሕሳብና ንግበር ዝበሉዎ ጉጅለ 15 ኣበይ ከምዘእተዎም ርኢና።እቲ ህዝቢ እውን ግርህ ዝብል ህዝቢ ነቲ ጸዋዒትን ነቲ ጥፍኣት ክርኢዎ ኣይከኣሉን ናብ'ቲ እቲ ስርዓት ዝደርበየሎም ከዳዓት፥ ወያነ፥ ኣመሪካ፥ ሲ ኣይ ኤይ እናበሉ ኣብ ቕድሚኦም ደቖም ክእሰሩን፥ እናተገፈፉ ኣውያት ዘየስምዕ ህዝቢ እዩ ኮይኑ፡ ሓደ ሓደስ እንበርዶ እዚ እቲ ንፈልጦ ህዝቢ ድዩ ዘብል ይኸውን ምስ ስኽፍታ።

እቲ ነጻነት ከም ሕጽኖት ንኹሉ ደፊኑዎ ሃገር ኣብ ዓቢ ሓደጋ ወዲቓን፥ ህዝባ ብፍላይ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ፍቐዶ ዓለም ፋሕ ኢሉ ክትርኢ እንከላኻ፥ ኣብ ኩሉ እኳ እንተዘይኮነ ሽማግለታት ዝኾኑኣብ መብዛሕትኤን ከተማታት ዓለም እንቕመጠለን ዘለና ክትርኢ ከለኻ ብዛዕባ ኤርትራ ትሻቐል።

ብዙሕ ተሓቲቱ መልሲ ዝሰኣነ ድማ ብኸምኡ፥ ቕዋም ይሃሉ፡ ሰናይ ምምሕዳር ይሃልወና እሱራት ይፈትሑ ወዘተ ቕቡል እዩ።እንተኾነ ን 28 ዓመትን ዝቕጽል ዘሎ ሕቶ ምሕታት፡ብፍላይ እቲ ስርዓት ክገብረልካ ምጽባይ እቲ ስርዓት ከም ስርዓት ዘይምፍላጥ ጥራሕ ኢልካ ምሕላፍ ይሓይሽ።

ደሓን ይእቶ ኢሰያስ ድኽመትኩም ርእዩ ቅዋም ሞይታ ኢያ ኢሉኩም፥ ገለ እውን ምናልባት እንተተማዒዱስ ክእረም ዝብሉ ኣይሰእኑን፡ ክልተ ሽውዓተ እንተ ተሓጽበ ድማ ጽቡቕ ምኾነ እትብሉ ኣይትሰኣኑን።

ኤርትራ ከም ሃገር ዲኹም ትፈትውዋ? ንህዝቢ ኤርትራ ድኺም ተኽብርዎ? እዘን ክልተ ዘይቕየራ ነገራት እየን ኩላትና ድማ ንሰማማዕ ኢና ኣብዘን ነጥብታት።እታ ቕድሚ እዘን ክልተ

ነገራት ነቲ ስርዓት እትኣምኑን እትፈትውዎን፡ እትድግፍዎን ግን እዚ እንተኾይኑ ምሕረት የውርደልኩም።

እዛ ዝሓለፈት ዓመት 2018 እንቛዕ ርኤና፡ደሓን ይእቶ ኣብይ ኣሐመድ ነታ ንልዕሊ 17 ዓመታ ውያነ ከይመጸካ፥ ዘራይ ኣመሪካ ረኺባ እንበር.....ዓለም ዘርያትና ዶብና ከይተሓንጸጸ ኣይንላዘብን ኢሉ ነዚ ገርሂ ህዝቢ ሒዝዎ ዝጸንሐ ትም ነታ EriTv ዝፈትዋ ዝነበረ ጸሊኡዋ ግዲ ኾይኑ ዓዲ ሃሎ ኮፍ ኢሉ ካብ ህዝቢ ተሓቢኡ ይርከብ።

እሞ እዚ መድረኽ ነቲ ሓይሊ ሚዛን ፖለቲካዊ ኤርትራ ክፍት ኣቢሉ ናብ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ደቒሱዎ ዝነበረን ገለ ምሁራት ኣገለገልቲ እቲ ስርዓት ዝነበሩ ሎሚ ኤርትራ ወዲቓቶ ዘላ ብምስትውዓል ይኣክል፥ ተኣለ ክብል እንከሎ መብዛእቱ ወዲ ሃገር ለውጢ ይደሊ ከምዘሎ'ዩ ዝሕብረና።

እቲ ለውጢ ወይ ኤርትራ ናይ ጽባሕ ህልውና ኢሰያስን ህግደፍን ዝእለየሉን ኣብ ቦታኡ ጸጥታን ርግኣትን ዘውሕስ ፖሊሲታት ኣውሒስና እቶም ኩላትና ደለይቲ ለውጥን ፍትሕን ዝኾና ኣብ ውሽጥን ግዳምን ዘለና ብእንሰማምዓሉ ኣገባብ ናይ መሰጋገሪ መንግስቲ መስሪትና ነቶም ኣብ ምቕያር ስርዓት ብቐጥታ ዓቢ ግደ ዝጻወቱ ወይ ዘበርክቱ ምስ'ቲ ሰፊሕ ድሌት ናይ ኩሉ ህዝቢ ንዲሞክራስያውነትን ቅዋምነትን ኤርትራ ምስዘይጋጮ ክንቕበሎን ከነተባባዖምን ይድለን ፡ሓልፍነትና ምኳኑ ኣብ ግምት ከነእትዎ ይግባእ።

ካብ ምልኪ ናብ ዲሞክራሲ ዝኸይድ ቓልሲ እቶም መለኽቲ ዝልወጡን ሓሳቦም ዝቕይሩን ምጽባይ ወይ የዋህነት ኢዩ ወይ ድማ ዕሽነት እዩ ኢልካ ዝሕለፍ።እቲ ዕዮ ዓብን ቐጻሊ እውን እዩ፡ንምንታይ ሕቶ ዲሞክራሲ ብሓደ ዓመት ዝዕመም ስራሕ ኣይኮነን፡ነቲ ክንበጽሖ እንደሊ በታ ዘለናያ እዋን እታ መንጸፍ ዝኸውን ከነቐምጥ እሞ ስዓቢ ወለዶ ድማ ዓቒቡን ኣመሓይሹን ንቐጻሊ ዝገድፍ እዩ።ናብኡ ንምጻሕ ግን መጀመርታ ናትና ስራሕ ነቲ ዕንቕፋት ዝኾነ ስርዓተ ምልኪ ከነልግሶ ቐንዲ ስራሕና ምኳኑ ምፍላጥ የድሊ።

ኤርትራውያን ሃገርና ኣብ ዓቢ ጸገም እያ ዘላ፡ሎሚ ዝመጸ መራሒ ኢትዮጵያ ኣብይ ኣሕመድ ማዕረ ክንደይ ንዕቐት ኣብ ልዕላዊት ኤርትራን ንሰምያን ንሪኦን ዘለና ፥ ኢሰያስ እውን ብውገኑ ኣበይን ከመይን ንኤርትራን ህዝባን ኣብ ሻቕሎት ደርብይዎ ከምዘሎ ንፍለጥ። ሎሚ ካባና ናይ ለውጢ ሓይልታት ኣብ'ቲ ቐንዲ ዕላማና ጉዕዞ ከይሰሓትና በብዘመስለና ዘይኮነስ፥ብንቕሓት ኣብ መብዛሕትና እንሰማምዓሉምን ፥ እቲ ከይተወደብካ ኣይንዕወትን ዝበሃል እውን ሓቒ ስለዝኾነ ንወደብ! እንተዘይከኣልና ብመርገጽ እስከ ንእገለ ውድብ / ሰልፊ እድግፍ ምባል እውን ንልመድ፡ ንሱ እውን ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት እዩ።

ኣብ'ቲ ናይ ይኣክል ጻውዒት እውን ኩላትና፣እቶም ዘይተወደቡ፣ዝተወደቡ፣ኣብ በርገሳዊ ምሕበራት፣ምንቅስቓሳትን ዘለናዮ ስለዝኾነ ነቲ ምራኽኻብት ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት ምኳኑ ኣይንዘንግዕ፣ እቲ ብኣካል ዝፋለጥ ኣብ ፖለቲካን ሚዛንን ብዙሕ ተረሓሒቑ ዝጸንሐን ዘይተኣማመነን ስለዝጸንሐ ከም'ቲ ዝተቓለስናዮ ኣይኮነን ዝዕቐን፣በቲ ክንገብሮ ዝድለ እዩ ዝግለጽ።

ኣብ ምጥቕላል እቲ ዝዓበየ መሰረታዊ ዝኾነ ፍልልይ ኣብ መንጎ ምልክን ፍትሕን ዘሎ ክኸውን እንከሎ እቶም ካልኦት ፍልልያት ብካልኣይ ደረጃ ዝስርዑ ስለዝኾኑ እቶም ዘፈላልዩና ኢልና ካብ ምጅማር እቶም ዘራኽቡና ኢልና እንተ ንጅምር ብዙሕ ምኸሰብና ።እቶም ዘቐራርቡና ኩሎም ክኾኑ ናይ ግድን ኣይኮነን፣ኣብ መብዛሕትኦም እንተ ተሰማሚዕና እቶም ዝተረፉ ኣብ ጉዕዞ ክረኣዩ ይኽእሉ ስለዝኾኑ እታ ኤርትራ ናይ ጽባሕ ድማ ቐልጢፍና ምረኣናያ።

**ተስፋይ ካሕሳይ**